## ሱርባና ቪዥን ሜድያን ማሕበራዊ ኣገልግሎትን

መልእኽተ-ዜና

ሓምለ 2020
ቅጺ.1፡ቍ.1

# ንእሽቶ ኣበርክቶ ንዓቢ ተስፋ

*"ጠምየ ነበርኩ እሞ፡ ኣብላዕኩምኒ። ጸሚአ፡ ኣስቴኹምኒ። ጋይሽ፡ ተቐበልኩምኒ። ዓሪቐ፡ ከደንኩምኒ። ሓሚመ፡ በጻሕኩምኒ። ተኣሲረ፡ መጻእኩምኒ፡"* ይብል እቲ ቅዱስ ቃል።

ኣብ ዝተፈላለዩ ኲርናዓት ሊብያ ዘሎዉ ስደተኛታት ዘሕልፉዎ ዘለዉ ስነ-ኣእምሮኣዊ፡ ኣካላውን ቍጠባውን ማህሰይቲ ብተደጋጋሚ ከነእውየሉ ዝጸናሕና፡ ገና መዕለቢ ዘይተገብረሉ ጕዳይ ኢዩ። ነዚ ኣደራዕ'ዚ ኣብ ምቅላል፡ ንዝሓመሙ፡ ሞራላውን ኣካላውን ድኻማት ዘሎዎም፡ ረዳኢ ሰብ ዘይብሎምን ካልኦትን ስደተኛታት ነባሪ ፍታሕ ክሳብ ዝረኽቡ፡ ግዝያዊ መጽለሊ ክፈጥር ዝተመስረተ ወለንታዊ መዕቈቢ ገዛ ሱርባና፡ ሰለስተ ግዝያዊ ገዛውቲ ብምኽፋት ብንኡስ ዓቕሙ የገልግል ኣሎ።

ሱርባና ቍ. 1፡ ካብ ወርሒ 7 ናይ 2019 ኣትሒዛ ንሓደ ዓመት ምሉእ ብዘይ ምቁራጽ ክሳብ ሎሚ ዘይንዓቕ ኣበርክቶ ክትገብር ጸኒሓን ኣላን። ብድምር ልዕሊ 860 ስደተኛታት ኣጽሊላን ኣዐንጊላን። ኣብ'ዚ እዋን ድማ 125 ስደተኛታት ኣጽሊላን ትዕንግልን ኣላ።



ሱርባና ቍ. 1

ሕጂ ድማ መደባታ ብምስፋሕ፡ ካልኣይቲ መጽለሊ ብምኽፋት፡ ንደቂ ኣንስትዮ፡ ህጻናትን ደቂ ተባዕትዮን ኣገልግሎት እትህብ *ገዛ ሱርባና ቍ. 2* ተኸፊታ ኣላ። እዚኣ'ውን ክራይ ገዛ እናኸፈለት፡ ናይ ካንሸሎ፡ ቡምባ ማይን ሽቓቕትን ዝኣመሰሉ ህንጻዊ ምምዕርራያት ተገይሩላ፡ ክፍልታት ተወሲኹላ፡ ክሳብ 90 ዝኾኑ ሰባት ኣዕቍባ፡ ግዝያዊ ፍታሕ ኣብ ምሃብ ትርከብ። ገዛ ሱርባና ቍ. 2 ክዉን ንምግባርን ንደቀንስትዮን ህጻናትን ንምሕጋዝን ዝተበገሳ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ነበርቲ ስያትል ኢየን።

እዘን ኣብ ትሕቲ ጽላል **ሱርባና ቪዥን ሜድያን ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን** ኣገልግሎት ዝህባ ዘለዋ ክልተ ግዝያዊ መዕቈቢታት፡ መዓልታዊ ነዞም 215 ስደተኛታት እናኣገልገላ፡ ሕክምናዊ ረድኤት ከም ዝወሃቡን ብማሕበራት ተራድኦ ዓለም ኣቕልቦ ከም ዝረኽቡን ይገብራ ኣለዋ። ሕጂ ድማ ብዝሒ ተጠቀምቲ ናብ 250 ብምዝያድ፡ ምሉእ ቀረብ ምግብና ብዘይምቁራጽ ክህባ ተበግሶ ወሲደን ኣለዋ። እቶም ኣብ'ዘን መጽለሊ ዝርከቡ ስደተኛታት መንፈሳዊ ሓይሎም ዘዕብዩሉ ናይ እምነት ንጥፈታት ክገብሩ'ውን ቅዱስ ቦታ ኲይነንኦም ይርከባ።

እቶም ኣገልግሎት ዝረኽቡ ዘለዉ እዞም ዝስዕቡ ኢዮም፤

- ብናይ ኣእምሮን ኣካልን ጸገማት ዝሳቐዩ ዘለዉ ስደተኛታት፣
- ብሕማማት ዓባይ ሰዓልን ካልእን ዝተጠቕዑ ስደተኛታት፣
- ፍሉይ ክንክን ዝደልያ ደቂ ኣንስትዮን ቈልዑን፣
- መዕቈቢ ቦታ ክረኽቡ ዘይከኣሉ ስደተኛታት።

ቀንዲ ካብ'ቶም ብሱርባና ቪዥን ሜድያን ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን ኣብ ሊብያ ዝወሃቡ ዘለዉ ኣገልግሎታት፤

⇒ መጽለሊ (መዕቈቢ ገዛ)፣
⇒ ንስደተኛታት ካብን ናብን መጽለሊ ቦታን ክሊኒካትን ምግዕዓዝ፡
⇒ ንስደተኛታት መግቢ፡ ማይ፡ ሕክምናዊ ቀረባትን ካልኦትን ምቕራብ፣
⇒ ናይ ጽሬትን ጥዕናውን ሃለኽቲ ምቕራብ፣
⇒ ንመሳለጢ ዝውዕል ወጻኢታት ምሽፋን፣

## ኣብ መስርሕ ዘሎ ምጅማር ትምህርቲ ንህጻናት

ኵነታት ዕሸላትን ህጻናትን ስደተኛታት ኤርትራውያን ኣብ ሊብያ'ውን ካብ ናይ ወለዶም ዝብእስን ኣዝዩ ዘተሓሳስብን ኢዩ። ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው'ምበኣር፡ ሓድሽ ኣገልግሎት መውዓሊ ህጻናትን ትምህርትን ንምሃብ፡ **ሱርባና ቍጽሪ 3** ኣብ ምኽፋት ንርከብ። ወለንታውያን መምህራን ብምርካብ፡ እዞም ህጻናት ኣንፈት መጻኢኦም ኣብ ምትሓዝን ተስፋ ንምኧንን ዓቕምና ዝፈቕዶ ናይ ትምህርቲ ኣገልግሎት ምሃብ ኢዩ። እቲ ነዚ መዓላ ዘድሊ ገዛ ተሰሪሑ ኣብ መስርሕ ምርኽኻብ ይርከብ። ንዕኡ ዝኾኑ መሳለጥያታት ስለ ዘድሊዩ ግን ሓገዝ ኵልና ይጽበ ኣሎ።

ኣብ ዝቕጽል ሕታምና ብማሕበር ሱርባና ካብ ሊብያ ወጻኢ ምስ ዝወሃቡ ከም ኣገልግሎት ምኽሪ፡ ንብኤችኣይቪ/ኤድስ ዝተጥቕዑ፡ ኣብ ካልእ ከባቢታት ዘለዉ ስደተኛታትን ኣብ ኣፍሪቃ ንዝነብሩ ኤርትራውያን ስነ-ጥበበኛታትን ዝኣመሰሉ ኣገልግሎታት ከነላልየኩም ኢና።



ሱርባና ቍ. 3

ሊብያ ምድራዊት ገሃነም ኢያ። ቀዳምነታትና ስደተኛታት ናብ ውሑስ ሳልሳይ ሃገር ዝግዕዙሉ ኵነት ምፍጣር'ዩ። ንሱ ክሳብ ዝትግበር ግን እዘን ግዝያዊ መጽለሊ ኣዝየን ኣገዳስቲ ኢየን። እዞም ንህቦም ዘለና ኣገልግሎታት ብሳላ ኣበርክቶኹምን ሓልዮትኩም ኢዮም። ነቶም ኵሉሳዕ ብሞራልን ንዋትንን ኣብ ጐድኒ ማሕበር ሱርባና ዝኾንኩም ብልቢ እናኣመስገንና፡ ነቶም ኣብ'ዚ ቅዱስ ዕላማ በብዓቕምኹም ኣበርክቶ ክትገብሩ እትደልዩ፡ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትረኽቡና ከም እትኽእሉ ብትሕትና ንሕብር፤

**ማሕበር ሱርባና**
**ቍ. ስልኪ፡** 302 521 9047 (ኣብ'ዚ ምድዋልን ዘሎ ሓገዝ ብ Zelle ምጥቃም ይከኣል):
**Email**: merkebna1@gmail.com
**Paypal**: http://paypal.me/Surbana
**Bank Account፡** Bank of America, Account number: 38301755
**Payable** to: SURBANA Vision Media and Community Services, Inc.

SVM

# Surbana Vision Media and Community Services, Inc.

Newsletter

July 2020
Volume 1, Issue 1

## Small Contribution for a Bigger Hope

"*For I was hungry, and you gave me food to eat; I was thirsty, and you gave me drink; I was a stranger, and you took me in; naked, and you clothed me; I was sick, and you visited me; I was I prison, and you came to me,*" reads the holy word.

The psychological, physical and economic ordeals and agonies immigrants are undergoing in different parts of Libya are what we have been appealing for repeatedly and the issue is not settled yet. Until a permanent solution is found, Surbana Shelter, which was established to provide a temporary sanctuary to lessen the sufferings of such immigrants, who have been sick, have had morale and physical weaknesses, those with no one to support them, has opened three shelters and is serving refugees modestly.

Surbana Shelter No. 1 has been providing service since July 2019 without a break. It has sheltered and fed more than 860 refugees in total. Currently, is has 125 refugees under its roof.

The initiative has been expanded and a second shelter, Surbana Shelter No. 2, was opened. It is sheltering and serving women, children and men. Its rent is paid. Having its compound, water and WC systems and other parts of the building renovated, new rooms added, it is housing 90 refugees and is giving temporary solution. Eritrean women from Seattle are the ones who took the initiative to support women and children and made this project possible.

These two temporary shelters run under the Surbana Vision Media and Community Services, Inc., currently serve these 215 refugees daily, help them get medical aid, and attention from the international humanitarian organizations. By increasing the number of beneficiaries to 250, they have also taken the initiative to provide full meal service continuously. Furthermore, the shelters are serving as religious places for refugees to exercise their religions and thereby enhance their spiritual wellbeing.

**The ones who get services at the shelter are:**

- Immigrants who suffer from mental and physical problems;
- Immigrants with tuberculosis and other diseases;
- Women and children with special needs;
- Refugees who cannot get shelter.

Main services provided by Surbana Vision Media and Community Service, Inc., in Libya are:

⇒ Shelter;
⇒ Transportation for refugees from and to the shelter and clinics;
⇒ Food, water, medical and other supplies for refugees;
⇒ Hygiene and health products;
⇒ Facility expenses.



### Children School Underway

The situation of Eritrean babies and children in Libya is even more serious and worse than their parents. Putting this dire situation into consideration, Surbana Shelter No. 3 is underway to provide day care and education for the children. By finding volunteer teachers, we strive to give the children hope and shape their future by proving education at our level best. The building dedicated for this purpose is on its final stage. However, the facilities needed for the school must be fulfilled and are waiting for our contribution.

Surbana Vision Media and Community Services, Inc., also gives services outside of Libya such as trauma management, to people with HIV/AIDS, immigrants in other places, Eritrean artists in Africa, which we will see in our next issue.

Libya is an earthly hell. Our priority is to create a situation where refugees are transferred to a safe third country. Until that happens, however, these temporary shelters are very crucial to save the lives of the refugees. The service we are providing are due to your generous contributions and compassion. We are always grateful to those who have been on our side and supporting Surbana Shelters. Those who are willing to support this noble initiative, you can kindly reach us at:

Surbana Vision Media and Community Service, Inc.
**Tele:** 302 521 9047 (You can call here and use Zelle to support):
**Email**: merkebna1@gmail.com
**Paypal**: http://paypal.me/Surbana
**Bank Account:** Bank of America; Account number: 38301755
**Payable** to: SURBANA Vision Media and Community Services, Inc